# እታ ዓባይ መርከብ ናይ ለውጥ ትምርሽ

እታ ዓባይ መርከብ **ሓድነት**፣ ንቕሎ ኣደታት ንምድሓን ህዝብን ሃገርን ዞባ ኤውሮጳ፣ብፍጥነትን ቁኑዕ ቡሶላ ሒዛ ጉዕዞኣ ትቕጽል ኣላ።

እዛ መርከብ ኣደታት ንዅሉ ህዝቢ ንፍትሕን ግዝኣተ-ሕግን ዝቃለስ ኤርትራዊ ዜጋ ከእንግድ ዝኽእል ቦታ ዘለዋ ናይ ሓባር ጽላል ምእንቲ ክህሉ፣መኣዲ ዘተ ብምጥጣሕ፣ኩሉ ኣብ ዲያስጶራ(ኣብ ስደት ዝነብር) ህዝብና ብሓፈሻ፣ብፍላይ ከኣ ዞባ ኤውሮጳ ግዲኡ ዘበርክተሉ ዕድል እትኸፍትን እተዋሃህድን ንምዃን ተበጊሳ።

ከም ንዝክሮ ሓርበኛታት ኣደታት ሓልፍነት ወሲደን 8 መጋቢት 2019 ኣብ ፍራንክፎርት(ጀርመን) ዝተኻየደ ጽምብል፡ካብኡ ዝወጸ ኣዋሃሃዲ ሽማግለ፤ካብታ ዕለት ጀሚሩ ብዘይ ምቍራጽ ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ ይርከብ።

ብቐዳምነት ራኢን/ዕላማን ንዑኡ ዘገልግል ህንጻ-ሕጊ ኣጽዲቑ፣ብኡኡ መሰረት መደበ ዕዮ ሰሪዑ።

ብምቕጻል ንመደበ ስርሓት ዘካይዱ ሓሙሽተ ሓይሊ ዕማማት መዚዙ። 1) ክፍሊ ዜናን ሓበረታን፣ 2)ክፍሊ ድለባ ሃብቲን ንዋትን፣ 3) ክፍሊ ማሕበራዊ ዝምድናን/ርክባትን፣4) ክፍሊ ውደባን ጎስጓስን ምንቕቓሕን፣ 5) ክፍሊ ስነ-ጥበባውያን(ሙዚቀኛታት)፣ስነ-ኪነትን ክኾኑ ከለዉ፡ኩሎም ክፍሊ ዕዮታት ንዝተቐበልዎ ሓላፍነት ከዋሃህዱን ንኡሳን ሓይሊ ዕማማት እናወዘዑ፣ናይ ምሉኣት ዚጋታት ኤርትራውያንን ዘሳትፍ፣ንተበግሶ ንቕሎ ኣደታት ብጉቡእ ዝካታተሉን ዝርድኡን ወጻእተኛታት ክሕወስዎ ምግባር ጁዑቕን ዝተኣሳሰረ ኣሳራርሓ ክካየድ እዛ ዓባይ መርከብ ሰፌፊኣ ብኑጹር ጉዑዞኣ ትቕጽል ኣላ።

እዞም ዝተፋላለዩ ክፍሊ ስርሓት እንታይ ዓይነት ኣጋባብ ክኽተሉ ንዝብል ርእሰ ነገር፡ሰፊሕን ዑሙቕ ዝበለ ምይይጥ ዝተኻየደሉን ጽላት ብጽላት ንስራሕ ዝጠቅም ሓሳባት ዝፈሰሰሉን መደብ እዩ ተኻይዱ።

ዝኣክል ሕቤረታ ደኣ ይዋሃብ እምበር፣ ነፍሲ ወከፍ ሓይሊ ዕማም፣ከም ኩነታቱ ቀዳምነት ክዋሃቦ ዘለዎ ስርሓት/ፕሮግራም ክትሰርዕን፣ምስ ተዋሂቡ ዘሎ ሓጺር ግዜ ኣዋሃሂዳ ባዕላ መደበ-ስርሓታ ክትሰርዕ'ዩ ተማሕጺኑ። ዝወጽኤ መደበ ስርሓት ካብ ዕላማን/ራኢን ተነዲፉ ዘሎ ሓፈሻዊ መደበ ስርሓት ዘይጥሕስን፣ቅዳሕ ናብ ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ክልኣኽ ከም ዘለዎ ምርድዳእ ተበጺሑ።

ብሓፈሻ እቲ ዝተዋህበ ምኽርታት እንታይ ይመስል ነይሩ?

**1)ንክፍሊ ዜናን ሓበረታን፦** ኩሉ ዝካየድ ነጥፍታት ናይ ሓይሊ ዕማማት፣ግዜ ከይወሰደ ንህዝቢ ሓቤረታ ምሃብ፤ እዚ ነቲ ጉሉጽነት ዘገልግልን፣ህዝቢ ክፈልጥን ክካታተልን፣ብወገኑ ከኣ ናይ ምስታፍ ባይታ ክጥቀምን በቲ እሱ ዝውስኖ ኣጋባ ሞራላዊን፣ንዋታዊ፣ገንዘባዊ ሓገዝ ከውፊ ይሕግዝ።

ውጺኢት ስርሓት ናብ ኩለን ማዕከናት ዜና ምዝርጋሕ። ምስ ኩለን ማዕከናት ዜና ምልውዋጥን፣ሓድሕዳዊ ስምምዕ ክህሉ ምጽዓር፤ ልክዕ ከምተን ህዝባውያን ማሕበራት እዘን

ናይ ማዕከን ትካላት ኣብ ሞንግአን (ኤትካዊ) ስነ-ምግባር ኮታ ወግዓዊ ኣጋባብ ዝኽተላሉን ዝዳጋገፉሉ ዝተዓዳማማሉን፣ምድያን ጠቕሙን ምዝታይ ፍልጠት ዘሁብትማሉ፣ካብ ዘየድሊ ኣብ ነንሕድህድካ ህሲያታት ዝርሕቃሉ፡ኮታ ናይ ሓባር መኣዲ ዘተ ዜና ክህሉወሉ ዝኽእል ሃዋህው ምፍጣር። ኣባላት ኮሚቴ ን.ኣ. በቢ ዓቕሞም ብዛዕባ ጉዕዞ ን.ኣ.ን.ህ.ሃ.ዞ.ኤ. ዓንቀጻት ክጽሕፉ ምትብባዕ፣….ወዘት።

**2) ክፍሊ መጠናዊ ድላበ ሃብቲ(ፋይናንስ)፦** እዛ ሓይሊ ዕማም እዚኣ ብኺኢላታት እና ተደገፊት ካብ ህዝብና ይኹን ክዳጋገፉና ዝኽእሉ ወጻእተኛታት፣ ስልትን ስትራተጂን ትድህስስ። ነቲ ሰፊሕ ንኹሉ ከሳትፍ ዝድለ ዘሎ ጉባኤ ብዘይ ስኽፍታ ክካናወን ምእንቲ እኹል ባጀት ዝርከበሉ መላታት ትጥቀም።

**3) ክፍሊ ማሕበራዊ ዝምድናታትን/ርክባትን፦** እዛ ኮሚቴ እዚኣ ነተን ድሮ ተጠርኒፈን ዘለዋ ውድባት፣ኣብ ጽምብል 8 መጋቢት ፍራንክፎርት(ጀርመን) ተሳቲፈን ዝነበራ፤ ብመሰረት ጽዊዒት ኣደታት ን.ህ.ሃ.ዞ.ኤ.፤ ሂበንኦ ዝነበራ መብጽዓ ተራኺብካ ዓውደ-መጽናዕቲ(workshop) ዝካየደሉ ውጥናት እናኣውጻእካ ቅድሚ ጉባኤ ምቅርራብ፡ንኩሉ ጠርኒፉ ከስርሕ ዝኽእል ንድፊ፣ንዕኡ ከስርሕ ዘብቅዕ መደበ ስርሓት፣ከኽብርን ክቕይድን ዘኽእል ህንጻ ሕጊ፣ ዝወጸሉ መስርሕ ክካየድ።

ነተን ሕጂ ይኣክል ምፍልላይ፣የብቅዕ ወገነይ ወገንካ፣ማሕበረይ ማሕበርካ፣**ሓድነት ኣብ ቡዙሕነት፣** ኢለን ናይ ሓባር ባይታን ሓቢርካ ንምስራሕ ካብ ነዊሕ እዋን ተበጊሰ ኣብ ጉዕዞ ዘለዋ ሓይሊ ዕማማት/ጥርናፈታት ምንቅስቓሳት፣ፊት ኒፊት ተራኺብካ መደበ ስርሓትካ ብምንጽጻር ተዋሓሂዱ ብሓባር እትሰርሓሉ ጽምዳዊ ኣጋባብ ምኽታል። እተን ካልኦት ህዝባውያን ማሕበራት ውድባት እዉን እንተኮነ ስርሓተን ጉዕዞአንን ብኑጹር መጽናዕቲ ድሕሪ ምክያድ ኣብ ናይ ሓባራዊ ንድፊ ዝመጻሉ ስልቲ/ውጥን ምጥቃም።

ኪኢላታት፣ሙሁራት-ኣካላት፣ሰብ-ተሞክሮ፡ምስ’ተን ናይ ሓባር ውጥን ከውጽኣ ቁሩባት ዝኾና ማሕበራት/ውድባት ኣብ ስራሕ ብምጽማድ መልክዑን ሕጋውነቱን ዝሓዘ ሰነድ ክቐርብ ምእንቲ፤ ረኺብካ ኣብዚ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን፣ነጢፎም ክሰርሑ ከም ዘለዎም፣ህዝቢ ዓቢ ትጽቢት ይገብረሎም ምህላውን፣ንቕሎ ኣደታት ብወገነ ምስክር ክህባ ምኹነን ብምሕባር ተዋሳእቲ ክኾኑ ምጽዓር፤…..ወዘተ።

**4) ክፍሊ ውደባን ጎስጓስን ምንቕቓሕን፦** ናይዛ ክፍሊ ዕዮ’ዚኣ ነቶም ስጋብ ሕጂ ውልቀ ኣጋባብ ቃልሲ ነካይድ ኣሎና ዝብሉ ከም (activistst) ወይ ሓርበኛታት ገይሮም ንሰውነቶም ዘላልይዋ፤ ከምኡ ናብተን ተጠርኒፈን ዝቃለሳ እምነቶም ዘይሃብወን፣ሕጂ ግን ነዚ ንኹሉ ሓቑፉ ከቃልስ ዝፍትን ዘሎ-ባይታ፣ብተበግሶ ኣዴታ ዝተኸስተ ክሳተፉን ንጡፋት ኮይኖም ክዋሰኡን ምዕዳም።

ብፍላይ ከኣ ንመንእሰያት ዝዓለመ፣ ፋሕ ኢሎም ኣብ ምድህሳስ ባይታ መቃለሲ ዘለዉ፣ ካብ ኣብ በቢዓይነቱ ህዝባውያን መራኸቢታት፣ኣብ ናይ ማንዛ(virtual) ቃልሲ፣ ኣብዚ ናይ ሓባር መኣዲ ኣደታት ክሳተፉ ምግባር። ነቶም መብዛሕትኦም ስቕታ መሪጾም ዝጸንሑ ዘለዉን ክፍሊ ህዝብና፣ክባራብሩን እሶም እውን ሕጂ ይኣክል ግዝኣተ ውልቀ መላኽነት፡ ግዝኣተ-ሕጊ ይንገስ፣

ፍትሒ ይረኸብ፣ዶብና ይትሓንጸስ፣ይኣክል ስቓታ ዓው’ልና ዲሞክራሲ ንጸውዕ ክብሉሉ ዝኽእሉ መላን ኣግባብን ምጥቃም፡…ወዘተ

**5) ክፍሊ ስነ ጥበባውያን(ሙዚቀኛታት)፣ስነ ኪነትን፣ በቢ-ዓይነቱ ዓቕሚ-ኣርት ዘለዎም ዜጋታትና ፣** እዚኦም ሰብ ሞያ ስለ ዝኾኑ፣ኣብ ምንቕቃሕን ድለባ ሃብቲ (ገንዘብ) ብዙሕ ከበርክቱ ስለ ዝኽእሉ፣ ከም ኩነታቱ ብልቦናን ክእለትን ክትሓዝ ስለ ዘለዎ፡ መንእሰያት ንምጥርናፍ ዝተሓዎሶ ብ-ኣዴታት ብሓፈሻ ብፍላይ ክኣ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ከም መደበን ገረን ክሕዝኦ ባይታ ንዕኣን ተገዲፉ።ብናታተን መገዲን መደብን ክካየድን፣ ነቲ ናታተን ክእለትን ዓቕልን ምጽውዋርን ተጠቒመን ከዕውትኦ ምኽኣነን ዘየጣራጥር እዩ። ምስክሩ እቲ ጽንብል 8 መጋቢት 2019 ፍራንክፎርት(ጀርመን) ብሩህ ኣብነት እዩ።

ከዚ ትርኢይዎ በዚ ዓይነት ኣጋባብ ንስራሕ ክብገስ ከሎ፡ ካብ ህዝብን፣ህዝባውያን ማሕበራትን፣ ዝተፋላለያ ትካላትን፣ተሳትፎን ምሉእ ምድግጋፍ ክህብሉ ዓቢ ትጽቢት ይግበረሉ፤ተስፋን ፍናንን ዝመልኦ ንቕሎ ኣደታት ክዕውት ናይ ኩሉ ጻዕርን ምትሕብባርን ይሓትት።

ህዝቢ ዘማእከሉ ዘበለ ቃልስታት ከም ዝዕወት ጥርጥር የለን።

ሓቢርና ንምቅላስ ንበገስ፤ ስርዓተ ውልቀ መላኺ ክስበር።

ብሓልዮት ክፍሊ ዜናን ሓበረታን